## ኢዮብ 5

8 ኣነ ግን ኣምላኽ ምደሌኹ፡ ነገረይ ከኣ ንኣምላኽ ምወፈኹ፡
9 ነቲ ዓበይትን ዘይምርመርን ነገራት፡ ኪቑጸር ዘይክእል ተኣምራትውን ዚገብር ዘሎ፡
10 ነቲ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዜዝንም ንግራሁውን ማያት ዚሰድድ፡
11 ንሑሱራት ልዕል ዜብሎም፡ ንሕዙናት ድማ ብምድሓን ዜልዕሎም፡
12 ኣእዳዎምሲ ብተንኰል ገለ ኸየስልጣ፡ ንተንኰል ጐራሓት ከንቱ ዚገብሮ ንሱ እዩ።
13 ንጠቢባን ብጕርሖም ይሕዞም፡ ንምኽሪ ጠዋያት ከኣ ይዝርዝሮ።
14 ብመዓልቲ ንኣታቶም ጸልማት ይጓነፎም፡ ብቐትርስ ከም ብለይቲ ሃሰስ ይብሉ።
15 ንሱ ነቲ መስኪን ካብ ሴፍ ኣፎምን ካብ ኢድ ሓያልን የናግፎ።
16 ስለዚ ነቲ መስኪን ተስፋ ኣለዎ፡ ዓመጻ ኸኣ ኣፋ ትዐጹ።

## 1ይ ቆሮንቶስ 15

1-2 ኣሕዋተየ፡ ንኽንቱ ኣሚንኩም እንተ ዘይኰንኩም፡ ከምቲ ኣነ ዝሰበኽክዎ ጌርኩም ሒዝኩምዎ
እንተ ኣሊኹምሲ፡ እቲ ዝሰበኽኹልኩምን እተቐበልኩምዎን ኣብኡ ጸኒዕኩም ዘሎኹምን ብእኡውን
እትድሕኑሉን ወንጌል ኤፍልጠኩም ኣሎኹ።
3 እቲ ኣነ እተቐበልክዎ ቐድሚ ኹሉ ነጊረኩም እየ፡ ከምቲ እቶም ጽሑፋት ዚብልዎ፡ ክርስቶስ
ምእንቲ ሓጢኣትና ሞተ፡
4 ተቐብረ ኸኣ፡ ከምቲ እቶም ጽሑፋት ዚብልዎ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ተንስኤ፡
5 ንኬፋ፡ ደሓርውን ነቶም ዓሰርተው ክልተ ተራእየ፡
6 ድሕሪኡ፡ ዚበዝሑ ኻባታቶም ክሳዕ ሎሚ ዘለዉ፡ ገሊኣቶም ግና ደቂሶም ዘለዉ፡ ካብ ሓሙሽተ
ሚእቲ ንዚበዝሑ ኣሕዋት ብሓንሳእ ተራእየ።
7 ድሕሪኡ ንያእቆብ፡ ድሕሪኡ ኸኣ ንኹላቶም ሃዋርያት ተራእየ።
8 ድሕሪ ኹላቶም ድማ ንኣይ፡ ቍላዕ ንዝመስል፡ ተራእየኒ።
9 ኣነስ ነታ ማሕበር ኣምላኽ ስለ ዝሰጐጒክዋ፡ ምንኣስ ኩላቶም ሃዋርያት እየ እሞ ሃዋርያ ኽስመ
ብቑዕ ኣይኰንኩን።
10 እቲ ዘሎኽዎ ግና ብጸጋ ኣምላኽ እየ ዘሎኹ። ካብ ኩላቶም ዚበዝሕ ደኣ ጸዓርኩ እምበር

## ሉቃስ 18

9 ንሓያሎ ጻድቃን ምዃኖም ብርእሶም ዚእመኑ ንኻልኦትውን ዚንዕቁ ዝነበሩ ድማ፡ እዚ ምስላዚ
በሎም፥
10 ክልተ ሰብኣይ፡ እቲ ሓደ ፈሪሳዊ፡ እቲ ኻልኣይ ከኣ ተጋዊ፡ ኪጽልዩ ናብ ቤት መቕደስ ደየቡ።
11-12 እቲ ፈሪሳዊ ደው ኢሉ ብልቡ፥ ዎ ኣምላኽ፡ ኣብ ሰሙን ክልተ መዓልቲ እጸውም፡ ካብ ኵሉ
ገንዘበይ ከኣ ዕሽር ኤውጽእ፡ ከምቶም ካልኦት ሰባት፡ ከተርቲ፡ ዓመጽቲ፡ ዘመውቲ፡ ወይ ከምዚ ተጋዊ
እዚ ስለ ዘይኰንኩ፡ ኤምስግነካ ኣሎኹ፡ ኢሉ ጸለየ።
13 እቲ ተጋዊ ግና ኣብ ርሑቕ ደው ኢሉ ንኣይ ንሓጥእ ምሐረኒ፡ እናበለ ኣፍ ልቡ ይወቅዕ ነበረ
እምበር፡ ዓይኑ ናብ ሰማይ ቋሕ ኬብል እኳ ኣይደፈረን።
14 ርእሱ ልዕል ዜብል ኵሉ ይዋረድ፡ ርእሱ ዜትሕት ግና ልዕል ይብል እዩ እሞ፡ እዚ ሓለፋ እቲ ጻዲቑ
ናብ ቤቱ ኸም ዝወረደ፡ እብለኩም ኣሎኹ።